*Embassy of the State of Eritrea*
*United Kingdom*

**London, 3 J**une 2010

# በዓል ናጽነት ኣብ ስኮትላንድ



መዓልቲ ናጽነት ኣጋጣሚ ብምግባር ኤርትራዊ ኮም ኣብ ስኮትላንድ ሰፊሕ በዓል ብዕለት 30 ግንቦት 2010 ኣብ ምርዮት ሆቴል፡ ግላስጎ ብድምቀት ኣኽቢሩ። ኣብቲ ልዕሊ 150 ዜጋታትን ኣዕሩኽን ዝተሳተፍዎ ብባህላዊ ምሸት ዝወግሐ ድሙቕን ሰፊሕ በዓል፡ ማሕበር መንእሰይ ኤርትራዊያን ኣብ ስኮትላንድ ዝተፈላለየ ነቲ በዓል ድምቀትን ቁምነገርን ዝህብ ግጥምታትን መግለጽታትን ብትግርኛን ዓረብን እንግሊዝን ኣቕሪቦም።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ንግስነትን ኣይርላንድን ኣቶ ተስፋሚካኤል ገራህቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ግንቦት 24 1991 ዝተጋህደ ታሪኻዊ ኩነታትን መንፈስ ሰብኣዊ መሰልን ኣብ ዓለም ፍሉይነት ዝነበሮ ብምዃኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ 19 ዓመታት ዝኸበረ መዓልቲ ናጽነትን ጽንብላቱን ናጻ መስመርና ብምንጽብራቕ በብዓመቱ ኣብ መስርሕ ህንጸት ሃገር ንዘላቒ ሰላም፡ ቅሳነት፡ ገስጋስ ሃገራዊ ልምዓትን ዝተራእየ ስግረ-ምቛምን ከምዝገለጸ ኣብሪሁ። ሎሚ ዝተኸብረ በዓል ድማ ንኩሉ እቲ ኣብ ዝሓለፈ 11 ዓመት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተኻየደ ተጻብኦታት ንምፍሻልን ነቲ ከቢድ እዋን ንምስጋርን ዝተዓወተ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኪኖቲ ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተኣወጀ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን እገዳ ምምካት፡ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ሰለስተ ዓመት ሃገራዊ ዓቕሚ ብምሕያል ልምዓታዊ ዝላ ብስራሕ ንከረጋግጽ ይሰርሕ ምህላዉ ኢዩ ኣሚቱ። ማሕበረ ኮም ኤርትራዊያዊን ኣብ ስኮትላንድ ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት ብምምጓስ ድማ ነቲ ኮሙኒቲ ንምሕያልን ማሕበራት መንእሰያት፡ ደቂ ኣንስትዮን ቆልዑን ንምምዕባልን ተጀሚሩ ዘሎ ጻዕሪ ብዝሓየለ ኪደፍኣሉ ተላብዩ።



እቲ መደብ ብዝኸረ ሰማኣታት ድሕሪ ምጅማሩ፡ ኣደ መንበር ማሕበረ ኮም ኤርትራዊያን ኣብ ስኮትላንድ ወሮ መርየም ያሲን ኣገዳስነት መዓልቲ ናጽነትን ኣብ ታሪኽ እትሕዞ ቦታን ድሕሪ ምግላጽ፡ “ተቓሊስና ስለዘረጋገጽናዮ ኣብ ሕብረተ ሰብና ሕቶ መንነት

*96 White Lion Street, London N1 9PF* *Tel: +20 7713 0096* *Fax: +20 7713 0161*
*e-mail: paamba@eriembauk.com*

ወሳንነቱ ኣየማትእን። ኣብ ስደት ንእንነብር ግን ዝያዳ ርዝነትን ኣገዳስነትን ኣለዎ ኪበሃል ይከኣል። ምስቲ እንነብረሉ ዘሎና ናይ ስደት ሕብረተ ሰብ በቲ ዝግባእ መንገዲ ተወሃሂድና ኣፍረይቲ ንክንከውንን ዓወት ከነረጋግጽን ግን ኣብ ነብስና ምትእምማን ኪህልወና፡ መንነትና ኣጽኒዕና ክንሕዝን ብታሪኽና ክንሕበንን ከምዘድሊ መግለጺ ኣየድልዮን" ብምባል ዓሚቑ ምትእስሳሩ ኣብሪሃ። ቀጺላ "ኣብ ዘሎናዮ ሃገር ክንዕወት፡ ንነብስና ኳንና ንስድራቤትና፡ ኮሙኒቲናን ሃገርና ኤርትራን ክንከውን እንተ ኺንና ግን ምሕያል ማሕበረ ኮም ኤርትራውያን ቀንዲ መበገሲ ኢዩ ድሕሪ ምባል ከኣ ስኮትላንዳዊያን ኣዕሩኽ ኤርትራ ዘርእዩዎ ዘለዉ ምድንጋጽን ምትሕግጋዝን ብምምስጋን ንምሕያሉ ጻዕርታት ኪቕጽል ተላብያ። ብዘይካዚ እውን ኮሚሽን ምግራብ ስኮትላንድ ፓርክ ኤርትራዊያን ሰማእታት ኣብ ስኮትላንድ ንኪምስረት ዝገበሮ ምትሕጋግዝ ኣመስጊና።



ኣብ ቆልዑን መንእሰያት ፍሉይ ጦብላሕታ ንኪፈጥር ተባሂሉ ከኣ፡ ቆልዑ፡ መንእሰያት፡ ኣምባሳደር፡ ሓለፍቲ ማሕበረ ኮምን ኣብቲ ኣጋጣሚ ነቲ በዓል ዘንጸብርቕ ኬክ ብሓባር ቆሪሶሞ።

ማሕበረ ኮም ኤርትራዊያን ከም ኣካል ናይቲ ወርሒ ግንቦት ንክብሪ መዓልቲ ናጽነት ዝተሰምየ ካብ 1 ግንቦት ኪካየድ ዝጸንሐ መደብ ኤምባሲ፡ ኣብ 8 ግንቦት ኣብቲ ዝምስረት ዘሎ ፓርክ ኤርትራዊያን ሰማእታት ኣግራብ ስዉኣት ከምዝተኸለ ዝዝከር ኢዩ። እቲ ፓርክ ብወግዒ ኣብ መዓልቲ ሰማእታት 20 ሰነ 2010 ኪኽፈት ኢዩ።

ዓወት ንሓፋሽ!

ጉጅለ መዲያን ሓበሬታን
ሽማግለ መኸተ፡ ላንደን
3 ሰነ 2010


96 White Lion Street, London N1 9PF Tel: +20 7713 0096 Fax: +20 7713 0161
e-mail: paamba@eriembauk.com